# ኮንትራት ሪፑብሊካዊ ውህደት



**ከቡራትን ከቡራንን :**

ኣብዚ እዋንዚ ኣብ **ቤት-ጽሕፈት ፈረንሳ ናይ ስደትን ማሕበራዊ ውህደትን** (OFII) ትርከቡ

እዚ ድማ ሲር (CIR) ዝተብሃለ ኮንትራት ሪፓብሊካዊ **ውህደት** ንምፍራም እዩ

በዚ መሰረት ኣብ ዝተቐበለትኩም ሃገር ፈረንሳ ብቀዋሚነት ንምንባርን ምስቲ ሕብረተሰብ'ውን ብዝትገብርዎ ውልቓዊ ጻዕሪ ንምውሃድን ድልየት ከምዘለኩም ገሊጽኩም

ብመሰረት እዚ ኮንትራት ክትጥቀሙሎም ዝትኽእሉ ግቡእ መሰላት ከምዘለዉኹም በወገንኩም ድማ ክተኽብርዎም ዝግባእ ዝተወሰኑ ሕግታትን ግዴታትን ኣለዉኹም

### ☐ *ውልቓዊ ሓላፊነት ብምውሳድ ዝካየድ ጻዕሪ ሪፓብሊካዊ **ውህደት***

ናይቲ ሎሚ መዓልቲ ትገብርዎ ውልቃዊ ቃለ-መጠይቕ ዋና ዓላማ ድልየትኩም ንምፍላጥ : ክትከታተልዎ ዝትደልዩ ሞያዊ ትምህርት ንምውሳንን ካብ ዘለኩም ሓፈሻዊ ኹኔታ ተበጊስካ ትኽተልዎ ዝግባእ መስመር ንምሕንጻጽን እዩ

- ትምህርቲ ማሕበራዊ መነባብሮ

እዚ ናይ ምውሃድ ጉዑዞ ብናይ ግድን ዘውሰድ ዝወሃበኩም ናይ ኽልተ መዓልቲ ትምህርቲ ማሕበራዊ መነባብሮ ይጅምር

- ትምህርቲ ቋንቋ

ብደረጃ ኤሮፓ ዝተውሃበ ናይ ሓባር መለከዒ ክእለት ቋንቋ (CECRL) መሰረት ዘለኩም ናይ ቋንቋ ክእለት ካብ A1 ዝተሓተ እንትኮይኑ ናብዚ ዝተጠቀሰ ብርኪ ንክትበጽሑ ትምህርቲ ቋንቋ ንክትከታተሉ ናይ ግድን እዩ። እዚ ድማ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቃስኩም ምርድዳእ ዘክእል ፍልጠት ናይቲ ቋንቋ ንክህልየኩም ይግበር

- ሓበሬታ

ከምኡውን ስለዘለኩም መሰል ኣገልግሎት ህዝባዊ ትካላት (ቤት ትምህርቲ፣ ሆስፒታል፣ ማሕበራዊ ውሕስነት /ሶሻል ሰኩሪቲ/ ኣድላይ ሓቤሬታ ምርካብ ትኽእሉ

### ☐ **ኩንትራት (CIR) ብምክባር ንብዙሕ ዓመታት ዘገልግል ፍቃድ መንበሪ ምርካብ**

እቲ ኩንትራት(CIR) ክትፍርሙ ከለኩም እተን ክልተ ዓይነት ትምህርቲ ሲቪልን ቋንቋን ዕቱብ ኾይንኻን ከይ ኣቋረጽኻን ብዕሊ ንክትከታተሉ ውዕሊ ኣቲኩም ኣለኩም

ከምኡ ድማ ናይ ሪፑብሊክ ፈረንሳን ህብረተሰባን ዝማሓደሩሉ መሰረታዊ መርሕታት ደንብን ስርኣትን ንምኽባር ጸኒዕኩም ኣለኩም

እዞም ኹኔታታት እዚኣም እንትተኽብሩ ኮይንኩም ንብዙሕ ዓመታት ከገልግል ዝከእል ፍቃድ መንበሪ ወረቀት ክውሃበኩም ይካኣል እዩ

### ☐ ***ምቅጻል መሳርሕ መነባብሮን ናይ ነባራይ ካርድ ምትሓዝን***

ቋንቋ ፈረንሳይ ብዕምቀት ብምጽናዕ ምስቲ ሕብረተሰብ ዝትገብርዎ ሪባብሊካዊ ምውህሃድ ውልቃዊ ጉዕዞ ምቅጻል ይከኣል እዩ

እታ ናይ ነባራይ ካርድ ንምርካብ ናይ ቋንቋ ክእለትኩም ብመሰረት መመዘኒ (CECR) ናብ ብርኪ A2 ክዓብይ ኣለዎ

ከምኡ ድማ ናይ ሪፑብሊክ ፈረንሳ ዝማሓደሩ መርሕታት ብተግባር ንኽትትግበሩ ግዴታኩም እዩ

በዚ ዝተገለጸ መሰረት እቶም ኩነታት እንተድኣ ተማልኡ ኮይንኩም ናይ መንበሪ ካርድ ክውሃበኩም ይካኣል እዩ

Liberté • Égalité • Fraternité
RÉPUBLIQUE FRANÇAISE

***ዓንቀጽ 1 ሕገ መንግስቲ ፈረንሳ ናይ 4 ጥቅምቲ 1958 :***
*"ፈረንሳይ ዘይትከፋፈል ዴሞክራሲያዊ ዓለማዊን ማህበራዊን ረፑብሊክ እያ፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዜጋታታ ኩሎም ብምቦቆል ብዘርኢ ወይ ብሃይማኖት ፍልልይ ዘይገብር ማዕረ መሰል ትህቦም፣ ኹሉም ዓይነት ሃይማኖታዊ እምነታት ተኽብር ፣ ስርዓት መንግስታ ዝተማእከለ ጥርናፈ የብሉን ብሕጊ ደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ብምርጫ ናይ ተወካላይነትን ከምኡውን ሙያዊን ማህበራዊ ሓላፊነት ናይ ምትሓዝን ማዕርነት ኣለዎም "*

# ኮንትራት ሪፓብሊካዊ ውህደት

እዚ ኮንትራት ሪፓብሊካዊ ውህደት ኣብመንጎኹምን ኣብመንጎ መንግስቲ ፈረንሳይን ሓላፊ ፕሬፌክቱር ብዝውክሎ ኮይኑ ብመሰረት ሕጊ ዓንቀጽ L. 311-9 ናይ ወጻኢ ዜግነት ዘለዎም ሰባት ኣብ ሀገር ዝግበረሎም ኣቀባብላን መሰል ዑቑባን እዩ ዝፍፀም : ብኽልቲኦም ወገናት ሕድሕዳዊ ሓላፊነት ዝወሰድሉ ስምምዕ እዩ።

## I. *ሓላፊነት ብወገን መንግስቲ*

መንግስቲ ናትኩም ኣብቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ንምእንታውን ንምውህሃድን ነገራት የመዓራርየልኩም።
እዚ ድማ ብከምዚ ዝስዕብ መንገድ እዩ።

- ምስ ናይ ኦፊ (OFII) መማኸሪ ኣብዝሰምዐኩም ዘድልየኩም ነገራት ብምግምጋም ትምህርቲ ዝተረኸብሉን ከም ውልቃዊ ኹኔታ ብምርኣይ ክትከታተልዎ ዝትደልዩ ሞያዊ ትምህርት ንምውሳንን ካብ ዘለኩም ሓፈሻዊ ኹኔታ ተበጊስካ ትኽተልዎ ዝግባእ መስመር ንምሕንጻጽን እዩ
- ትምህርቲ ዜጋዊ ጉዳያት(Formation civique) ኣብክልተ ጉዳያት ዘተኮረ
  - መርሆን ዋጋን ሪፑብሊክ ፈረንሳይ
  - ኣብ ፈረንሳ ምንባርን ስራ ምርካብን
- ዘለኩም ደረጃ ፍልጠት ቋንቋ ፈረንሳይ ንምፍላጥ ኣብ ኦፊ (OFII) ዝካየድ መለኪዒ ከእለት ፈተና
- ኣድላዩ ኾይኑ እንተድኣተረኺቡ ድማ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክወሃብ ይከኣል : ደረጃኡን ንኽንደይ ጊዜን ዝብል ግን ብብርኪ A1 ናይ መለኪዒ ከእለት CERL መሰረት እዩ ዝውሰን

## II. *ሓላፊነት ብወገንኹም*

- እዘን ዝስዕባ ንምትግባር ግዴታ ኣለኩም :

ከምኡ ድማ ናይ ሪፑብሊክ ፈረንሳይን ህብረተሰባን ዝማሓደሩሉ መሰረታዊ መርሕታት ምኽባር

- እተን ክልተ ዓይነት ትምህርቲ ሲቪልን ቋንቋን ዕቱብ ኾይንኻን ከይ ኣቋረጽኻን ምክትታል
- በቲ እዋን ቃል-መጥይቕ ዝተሓንጸጹ ተግባራት ምፍጻም
- ኹል ዓይነት ዘጋጥም ለውጢ ንኦፊ (OFII) በደብዳቤ ምፍላጥ

ናይ 6 ጥሪ 1978 ቁ n° 78-17 መራኸቢ ሓበሬታን ናጽንትን ዝምልከት ሕጊ ነዚ ኮንትራት እዚ *ይምልከቶ ፣ ብኡ መሰረት ድማ ኣብ ኦፊ (OFII) ዝርክብ ናዓኹም ብዝምልከተ ዝተትሓዘ ሓበሬታ ናይ ምርኣይን ምዕራይን መሰል ኣለኩም*

## III. *እቲ ኮንትራት ዝጸንሖሉ ግዜ*

እቲ ኮንትራት (CIR) ንሓደ ዓመት ንኽጽንሕ እዩ እቲ ስምምዕ ግን ብፉሉይ ኹኔታትን ብብቑዕ ምኽንያትን ብሓላፊ ፕሬፌክቱር ንተወሳኺይ ሓደ ዓመት ክናዋሕ ይኽእል እዩ
ብኻሊእ ወገን ድማ ብኦፊ (OFI) ብዝቐርብ ሓሳብ ተበጊሱ እቲ ሓላፊ-ፕሬፌክቱር እቲ ኮንትራት (CIR) ንኽስረዝ ዝገብርሉ ምኽንያት እንተድኣ እቲ ትምህርቲ ቋንቋ ዕቱብ ኾይንኻ ከይ ኣቋረጽኻን ምክትታል ዝብል ከይ ኣኽበርኩም ክትተርፉ ከለኹምን ከምኡ ድማ ናይ ሪፑብሊክ ፈረንሳይን ህብረተሰባን ዝማሓደሩሉ መሰረታዊ መርሕታት ምኽባር ዝብል መርህ ናይ ምንጻግ ኹኔታ ክትኣርእዩ ከለኹም እዩ

# ናትኩም ናይ ግሊ ዓንፈት ምንቅስቃስ

ኣብ መወዳእታ ሎሚ ኣብዝተገበረ ቃለ-መጠይቕ እዞም ዝስ ዕቡ ትምህርቲ ንኽትከታተሉ ክግበር ትወሲኑ ኣሎ :

- ***ትምህርቲ ዜጋዊ ጉዳያት (Formation civique) «ናይፈረንሳይ ረፑብሊክ ዝማሓደረሉ ዋጋን መርሕን»***
  - ☐ ግዴታዊ

  ትምህርቲ ዜጋዊ ጉዳያት «ኣብ ፈረንሳ ምንባርን ስራ ምርካብን»
  - ☐ ግዴታዊ
- ***ትምህርቲ ቋንቋ (linguistique)***
  - ☐ ብርኪ A1 ዝበጽሐ (ትምህርቲ ቋንቋ ክከታተል ኣይግደድን)
  - ☐ ብርኪ A1 ዘይበጽሐ (ትምህርቲ ቋንቋ ን ......... ሰዓት ንኽከታተል ይግደድ)

ብኻሊእ ወገን ድማ ኣብ እዞም ዝስዕቡ ዓንፈታት ኣግልግሎት ንኽዋሃበኩም ክግበር እዩ :

እቲ ኮንትራት (CIR) ኣብ ፈረንሳ ንዝትገብርዎ ማሕበራዊ ውህደት ናይ ፈለማ ምንቅስቃስ እዩ ፣ ሕግታታን ግዴታኹምን ክተኽብሩ ናይ ግድን እዩ ፣ ኣብዛ ዝተቐበለትኩም ሃገር ዝትግብርዎ ምትሕውዋስ ንኽሳኻዕ መሰረታዊ ነገር ንሱ እዩ ።

**ኮንትራት ሪፓብሊካዊ ውህደት ቑጽሪ n°**

ዝተሰማምዑ ወገናት :

ኣብመንጎ ኣቶ/ውይዘሮ Mme (ትሕቲ እድመ ንዝኾኑ ሕጋዊ ተወካላይ) :

ቑጽሪ n° AGDREF :
ፊርማ :

ናይ ክባቢ ፕሬፌክቱር :

እቲ ኮንትራት እንተድኣ ተናዊሑ (ንኽንድይ ግዜ : ዝውዳኣሉ ዕለት : ምኽንያት) :